# ዝተናፈቕኩም መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ
## ኣማውታና ድሕርን ቅድምን ከይከውን ኣይንተሃመል

ካብ "ፕረሲደንት ሃገር ኤርትራ" ኢሰያስ ኣፈ-ወርቂ: ከተማ ብጽዕ ኤርትራ

ብመጀመርያ ብጻያዊ ሰላምታይ ይብጻሕኩም። ካብኡ ቀጺለ ከኣ በቲ ካብ ቅድም ጀሚርኩም: ንዕድመ ስልጣነይ ንምንዋሕ: ብስዉር ይኹን ብግሉጽ እትዓምዎ ዝጸናሕኩም ዕማማት: ከም ዓቢ ሞያ ስለዝቔጽሮ ደጊመ ኣመስግነኩም። ከይተሓለልኩም ክትቅጽሉዎ ድማ እላበወኩም።

ዝተናፈቕኩም ብጾት! ካብ'ዚ ቀጺለ ኣብቲ ኣውራ ትሕዝቶ መልእኽተይ ክኣቱሞ: ነዛ "<u>ኣማውታና ድሕርን ቅድምን ከይከውን</u> ኣይንተሃመል" እትብል መልእኽቲ: ከምሓሳል-ፈልኩም ፍቐዱለይ።

ርግጽ'ዩ: እቲ ካብ ሜዳ ኣትሒዝና ክሳብ ሎሚ: ብስዉር ዓቒብናዮ ዘሎና ጒዳይ ኤርትራ: ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ከይተረድኦ ከምዘሎ ንዓኹምን ንዓይን ንጹር'ዩ። እቲ ቀንዲ መኽንያት ከኣ: ኣነን ንስኹምን ነቲ ምስጢር ሓቢእናዮ ክሳብ ሎሚ ንኊዓዝ ስለዘሎና'ዩ። እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ተኸዊሉዎ ዘሎ ሕቡእ ፖለቲካ ጸገም'ዚ ሓደ ምዓልቲ ህዝቢ ኤርትራ ብግቡእ እንተድኣ ተረዲኡዎ: ንስኹምን ኣነን ዕድሜና ከምዝሓጽር ፍሉጥ'ዩ። ምእንት'ዚ እምብኣር ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ግዜ ሞቱ: ፍታሕ ከይረኸበ ብተስፋ ጥራይ ውሽጡ-ሕሩር ኮይኑ ተደናጊሩ መታን ክነብር: ኩሉ ግዜ ሜላታት እናቀያየርና እቲ ምስጢር ከይመልቑና ብጥንቃቐ ክንዓዪ ኣሎና።

ኣጸቢቐኩም ክምትፈልጡዎ: እቲ ካብ ቅድም ጀሚርና ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ: ኣነ ብነጀው ንስኹም ድማ ብኔው ኰንና: ብልፍንቲ ክንዓዮም ዝጸናሕና ንህዝቢ ኤርትራ ዘደናግሩን ዝፈላልዩን መደብ ዕዮታት: ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ከየስተብሃለሎም ከምዝጸንሐ ይርድኣኩም'ዩ። ስለ'ዚ ሓደራ ክብለኩም ዝደሊ: ሜላታትና ህዝቢ ከይፈለጦ ክሎ: በብእዋኑ ክንቀያይሮ ኣሎና። ንኣብነት እነ ሓደ መደናገሪ መደብ-ዕዮ ምሂዘ ምስ ኣተግበርኩዎ: ቀልጢፉ ህዝቢ ክርዳእ ክጅምር ከሎ: ሓዲሽ መደብ ዕዮ እናምሃዝኩ እየ ኰለል ዘብሎ ዘሎኹ። ንመረዳእታ:- እቲ ህዝቢ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ዝተመስረተ ፍትሕን ዲሞክራስያን መታን ከይጠልብ: "መራሕቲ ብብልሽውና ሰኺሮምና: መራሕቲ መጃሃዲን ዓንቂፎምና: ሱዳን ዘርያትና: የመን ወሪራትና: ወያነ ዶብና ጠሪሮምልና: ህዝቢ ሶማል ተወጺዑና: ሕቡራት ሃገራት እገዳ በይኖምልና" እናበልኩ: ነቲ ቀዳማይን ቀንድን ጠለብ ከዊለ: ንህዝቢ ሓራ ኮይኑ ከይመራመር እየ ዘደናግሮ። ንስኹም'ውን ነቲ መላእ ህዝቢ ኤርትራ: ካብ ቅድም ጀሚሩ ዝሓልሞ ዝነበረ: መሰረታዊ ፍታሕ ሕቶ ስምረት ከይመለስኩም: ገና "ኣቦይን ኣደይን በበይኑ ጸሎቶም" ዝኾና ኣብ *20* ውድባት ተራቢሕኩም: ተፋላሊኹም ኣብታ ህዝቢ ኤርትራ ን*40* ዓመታት ዝኣክል ክቃለሳ ዝነበረ ኢትዮጵያ ዓሪድኩም: መፍትሒ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ብሓገዝ ወያኔ እዩ ዝመጽእ ብምባል ምቅላስኩም ጽቡቕ'ዩ። ሓንሳብ ምሕዝነት ገርና ኢልኩም ትእውጁሞ: ቅንይ ከይበልኩም ድማ ኪዳን ኣቲና ትብሉ። ንሱ ምስኣረገ ከኣ ሎሚ ከኣ ሃገራዊ ዋዕላ ክንገብር ኢና ኣናበልኩም ላዕልን ታሕትን ትብሉ ኣሎኹም። ህዝቢ ኤርትራ ግና ብተስፋ ጥራይ ቍልጭ እናበለ ብኣይን ብኣኹምን ከይቀሰነ ይበትኽ ኣሎ። በዚ ሜላ'ዚ ድማ ዕድመ ስልጣነይን ስልጣንኩምን ገና ይቕጽል ኣሎ። ስለዚ እቲ ኣነን ንስኹምን ኣብ ሓደ ቅርሺ ክልተ ገጽ ኰንና ምዕያይና: ብወገነይ ዕጉብ'የ። ኣጆኹም በዚ ሜላ'ዚ ድኣ ከይተሓለልኩም ቀጽሉዎ። እንተዘይኮይኑ ግን ዋላ'ኳ ኣማውታና ድሕርን ቅድምን ኣንተኾነ: ውድቀተይን ውድቀትኩምን ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ከምዝኾነ ክትግንዘቡ

ይግባእ። ምእንቲ'ዚ ምስጢር ከየምሎቕኩምን ሜላታት እናቀያየርኩምን: ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘይፍጸም ተስፋ ኣናኣተስፈኹሞ ስራሕኩም ቀጽሉ።

ብርግጽ ኩሉኹም ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ሱዳንን: ኣብ ካልኦት ወጻኢ ሃገራትን ዘሎኹም መሻርከተይ መራሕቲ ውድባት: ውጽኢት ፈስቲቫላትኩምን ጕባኤታትኩምን: ከምቲ ኣነ ዝጽበዮ ብምዃኑ ንኹሉኹም ብጸተይ መራሕቲ ውድባት የውሃና እብለኩም። ሓደ ሓደ እዋን ግን "ስምረት! ሃገራዊ ዋዕላ"! ኣብ ክንዲ ምስ ባዕዳውያን ሃገራት ምልፋን: ምስ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝብና ምልፋን"! ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ጸሊም ፋሺስታዊ ኮሎንያል'ዩ! ኢሰያስ ሕገ-ኣልቦ ፋሺስቲ'ዩ! በብዓድኹም ተጣራኒፍኩ ማሕበራት መስርቱ! ዝብሉ ጭርሖታት ክሰምዕ ከሎኹ: እስተረኒ! ሎምስ ኣብ ማእከል'ዘን ውድባት'ዶ: ንጹሃት ሓርበኛታት ተፈጢሮም ኮይኖም: ኣናበልኩ ኣዝየ እሻቐል። ጽንሕ ኢልኩም ግና "ኣኸባ እንካይደሉ ቦታ እንዲና ስኢና": እቶም ኣብ ኢትዮጵያ ዘለው ኣባላትና ኣንዲዮም ቪዛ ዘይረኸቡ ኮይኖም እምበር: ኣብ ነጻን ምእኩልን ቦታ ዋዕላን ጕባኤን ምተገብረ ነይሩ": ከምኡ'ውን "ኣብ ኢትዮጵያ ዲሞክራሲ ኣሎ" ፓርላመንት ኣሎ: ሕጊ ድማ  ኣሎ" ኣብ ኤርትራ ግና ኩሉ ስለዘየሎ" ስለዚ ዋዕላናን ኣኼባናን ኣብ ኣዲስ ኣበባ'ዩ ክኸውን" እናበልኩም ምስምሳት ክትፈጥሩ ክሰምዕ ከሎኹ: ኣይበላናን'ዶ እዚኣ ድኣ እታ ብረቂቕ ስነ-ኣእምራዊ እትጕዓዝ ዘላ ኣነ ዝደልያ ሜላ እንድ'ያ። ህዝቢ ተኣኪቡ ፋሕ ክሳብ ዝብል እተገልግል ሜላ ዶይኮነትን ኢለ: ንግዜኡ ቀልጢፈ እጻናናዕ። እቲ እትዓዩዎ መደብ ዕዮታት ኩሉ ግዜ ክከተሎ ከሎኹ: ከምቲ ቅድሚ ሎሚ ዝለመድኩሞ ስለዝኾነ: ዘስግኣኒ ነገር የልቦን ኢለ ከኣ ደጊመ እጻናናዕ። ስለ'ዚ ኣነ ብነጀው (ብውሽጢ ኤርትራ): ንስኹም ብኔው (ኣብ ወጻኢ): በዘን ንዓየን ዘሎና መደብ ዕዮታት እንተድኣ ተላፊናን ተሳኺናን ብቀጻልነት ሰሪሕናን: ክሳብ ንኹሉ ግዜ ኣብ ስልጣን ክንበሊ ኢና። ብሂወትና ክሳብ ዘሎና ድማ ማንም ሓይሊ ኣይግልብጠናን'ዩ። ስለዚ ሕጂ'ውን ብእተሰላሰሉዎ ዘሎኹም ስራሕ ደጊመ ደጋጊመ ዮሃና እብለኩም።

እቲ ዮሃና ክብለኩም ዘገደደኒ ኣውራ መኽንያት ከኣ: ህዝቢ ኤርትራ ፍልልያቱ ኣጥፊኡ እንተድኣ ሰሚሩ: ንይንኣስ ይዕበ ሓይሊ ክምክቶን ክስዕሮን ስለዝኽእል: ህዝብና ንኸይሰምር ኢልኩም: እተካይዱዎ ዘሎኹም ቃልሲ ዝምጕስ'ዩ። ነዚ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽረይ ዘሎ ህዝቢ: ብዛዕባ ስምረት ክሓስብ ይትረፍ: ካብ ዝወፈሮ ክምለስ ዋሕስነት ከምዘይብሉ ዝገብሩ: ኲራኸር ኣዋፊረ ሰጥ-ለበጥ ኣቢለ እገዝኦ ኣሎኹ። በዚ'ውን ሻቕሎት ስለዘይብለይ ቀሲነ'የ። ነቲ ኣብ ስደት ተሰዲዱ ዝነብር ኤርትራዊ ግና: መታለልቲ ካድረታት ኣናልኣኽኩ ፋሕ-ፋሕ ንኸብሎ ብዙሕ ገንዘብን ጻዕርን ምሓተተኒ ነይሩ። ነዚ ዕማም'ዚ ግና ንስኹም ኣንተዘይትህሉዉ: ባዕለይ ንኽዓሞ ኣዝዩ ምኸበደኒ ነይሩ። ነዚ ከቢድ ዕዮ'ዚ ሓላፍነት ወሲድኩም ግና: ኣብ ግብሪ ብምውዓልኩም ንዓይ ዓቢ ረዲኤት ስለዝኾነ: ኣብዚ'ውን ብጸያዊ ምስጋናይ እብጻሕኩም።

ካብ ተመኩሮይ ተበጊሰ ከይረሳዕኩ ግና: ንገለ-ገለ ውድባት ምዕዶይ ክልግሰለን ምፈቶኹ። ንሱ ድማ ካብ ሓያሎ ኣባላተን ክዕዘብ ከሎኹ: እቲ ኣሰራርሐኽን ህዝቢ ክነቕሓሉ ዝኽእል ሜላ ኮይኑ ይርኣየኒ። ንሱ ከኣ ስኣን ረቂቕ ሜላ ኣብ ዕዮታትና ከይንጋገሞ: ድሕርን ቅድምን ተታሓሒዝና ከይንወድቕ ካብ ዝብል ፍርሒ'ዩ። ነቲ ኣነ እናቀያየርኩ ዝገብሮ ሜላታት እንተድኣ ኣስተብሂልኩምሉ: ካብ ሜዳ ጀሚረ ክሳብ ሎሚ ንኽምስል ኢለ: በብዓይነቶም ጥበባት እናቀያየርኩ'የ ጸኒሐ። ንኣብነት ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ጀሚረ: ህ.ግ.ሓ. ካብ ኩሎም ሃይማኖታትን ብሔራት ኤርትራ ዝቘመት ውድብ ንኽትመስል ካብዝብል ስልቲ: ብመደብ ነቶም ብኣጻብዕ ዝቝጸሩ ዝነበሩ ኣስላምን ደቂ ትግራይን: ካላኦት ምጻእተኛን ብወረጦ እናፈንቀልኩ ኣራርየ: ዓቢ መዝነት ዓዲለዮም'የ። ብኸምኡ ተዋህሊሎም ድማ ሎሚ ንህዝቢ ኤርትራ ሰጥ-ለበጥ ኣቢሎም ይጓስዩዎ ኣለው። ኣረ ካባኹም ዝሕባእ የልቦን: ነስመራ ክንኣቱ ከሎና: ምስ *18* ሽሕ ትግራዎት ተጋደልቲ ኢና

ኣቲና። ኣዞም ትግራዎት'ዚኦም ድማ ሎሚ እሙናት ኮይኖም: ኣብ'ቲ ዝልዓለ ጽፍሒ መሪሕነት ተወዚዖም የገልግሉኒ ኣለው። ንኣስመራ ኣቲና ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ምስ መስረትና ድማ 50 ሽሕ ኣብ ኣስመራ ዝዓበዩ ትግራዎት: ኣባላት ፓርቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. መዝጊብና: እዚኦም ድማ ክሳብ ሎሚ: ኣብ ስቪላዊ መዳያት ተዋፊሮም: ነቲ ኩሉ ስርሓት የሳልጡለይ ኣለው። ርግጽ'ዩ ኣብ እዋን ሰውራ: ኩሉ ግዜ ተመሳሳሊ ሜላታት'የ ዝጥቀም ነይረ። እቲ ቀንዲ ሓይለይ ኣብቲ ገርሀኛ ኣውራጃ ሓማሴን ኮይኑ: መታን ከምስል ከኣ ካብተን ካልኦት ኣውራጃታት ምእዙዛት ሰባት መሪጸ: "ዝብኢ ክሳብ ዘሎ ይሕንክስ" ከምዝብሃል በዚ ሜላ'ዚ ክገዝእ ጸኒሐ። ካብኡ ንድሓር ግና ብፍላይ ንሓማሴን ጠሊመዮም። ምእዙዛት ደቂ ካልኦት ኣውራጃታት ሓርየ'ውን ክሳብ ዝልብሙ መዝነት ሂበዮም። ነቶም ደቀባት ሓርበኛታት ግና ጐሒፈዮም። እቲ ስዉር ዓላማይ ግን ካልእ እዩ ነይሩ። ማለት ንሓደ ሽቶ ንኽትወቅዕ እንተድኣ ኰንካ: ኣብ ሓደ መስርሕ ዝተፋላለየ መድረኻት ክሕለፍ ኣለዎ። ሎሚ ብፍላይ እቲ ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝብል መድረኽ: ብትግራይ ትግሪኝ ተተኪኡ ዳርጋ ኣብቂዑ'ዩ። እቲ ትግራይ ትግሪኝ ዝብል መድረኽ'ውን: ቀስ ኣናበለ ምስ ቅንጅት ተሓናፊጹ ኣብቲ ዝድለ ሽቶ ገጹ ክጕዓዝ'ዩ።

ርግጽ'ዩ እዚ ኩሉስ ባዕሉ ኢሰያስ ድዩ ምሂዙዎ ኢልኩም ክትግረሙ ትኽእሉ ኢኹም። ኣይፋሉን: ኣነ ከም ሓንቲ ሪሞት-ኮንትሮል ተጠዊቐ'የ ዝሰርሕ'ምበር ባዕለይ ዝምሃዝኩዎ ብልሓት ኣይኮነን። ነቲ ረቂቕ ሜላታትን ጥበባትን ግና: እቶም ስዉራት መሃንድሳት ባዕዳውያን'ዮም ሓንጺጾም ሂቦምኒ። ናተይ ስራሕ ካብ'ታ ካብ ቃኘው ጀሚረ: ብስዉር ዝተማዓድኩዋ ምዕዶን: ዝተዋህበኒ መደብ ዕዮን: ምዕይ ከይበልኩ ምትግባር ጥራይ እዩ። እንተድኣ ቍሩብ ሸተት ኢለ ግና ንዕርበተይ ስለዝኾነ: ነቲ ዝተዋህበኒ ምኽርን መደብ-ዕዮን ከየጕደልኩ ኣንተኺኢለ'ውን ኣናመላእኩ: ከም ፈረስ ንቕድሚት ጥራይ እናጋለብኩ: ንኽተግብሮ ቃል ኣትየ'የ። እዚ ክብለኩም ከሎኹ ግና: ነፍሲ-ወከፍና መራሕቲ ውድባት: ዝተፋላለየዩ ረቀቕቲ ሜላታት እናተጠቐምና: ንሓደ ዓላማ ንምትግባር ምስ ስዉራት ሓይልታት ቃል-ኪዳን ኣቲና ኢና። እዚ ማለት ድማ እቲ ኣብ መወዳእታ ዝረብሕ: ህዝብና ዘይኮነስ እቶም ዝልኣኹና ስዉራት ባዕዳውያን'ዮም። ነዚ ውዕል'ዚ ከኣ ሓቂ መሲሉና ሓንሳብ ተሃሚልና ስለዝኣቶናዮ: ክሳብ ንመውት ካብኡ ከነምልጥ ኣይንኽእልን ኢና። ሓሞትን መዓንጣን ገርና ድልየት ህዝብና እንተንፍጽም ኔርና ግና: ህዝብና ምተዓወተ ነይሩ: ንሕና ከኣ ተሪኽ ገዲፍና ብኽብርዓት ምሓለፍና ኔርና። ከምኡ ስለዝገበሩ ከኣ'ዮም እቶም ስውኣትና ዓስቦም ንኽንቱ ጻሚኻ ኤሳው ኮይኑ ተሪፉ ዘሎ። ንሶም ብጅግንነት ግቡኦም ፈጺሞ ኣብ ሜዳ ተሪፎም። ምስ'ዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዝራኤ ዘሎ ተረክቦ ግና ደሞም ደመ-ከልቢ ኮይኑ'ሎ። እቶም ብድሕሪ ድፋዕ ተጸጊዕና ዝሕለፍናያ ግና ነታ ሃገር ንዕንድረላ ኣሎና። ሓቂ ክንዛረብ ኣንተድኣ ኰንና ሕድሪ ስውኣት ብዘይ ንሕስያ ጠሊምና ኢና። ንስኹም'ውን ዳርጋ ከም'ቲ ስትራተጂ ናተይ ኢኹም ትኸዱ ዘሎኹም: እቲ ርክብ ምስ ወያነ ኣይትሕደግዎ። ወያነን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ማንታ ከምዝኾና ግና ብዘይ ቀላዓለም ክነግረኩም እፈቱ። ኣነን ኣቶ መለስን እሞኽኣ <u>ናይ ሓደ ቅርሺ ሓደ ገጽ</u> ኢና። ስለ'ዚ ብኽም'ዚ ንጕዓዞ ዘሎና ኣንተድኣ ቀጺልና: እቲ ህዝቢ ኣይክግጥመናን'ዩ። ኣነ ዕድመ ስልጣነይ ክናዋሕ'ዩ። ንስኹም ከኣ ኰለል እናበልኩም ክትኣርጉ ኢኹም።

እቲ ምሳኹም ከየስሓሕበኒ ዘስግኣኒ ዝነበረ ጕዳይ: ምንጪ ገንዘብ ካብ ወጻኢ'ዩ። ብሕልፊ ብሕልፊ ኣብ ስደት ዘሎ ኤርትራዊ: እሞከኣ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽርና ዝርከብ: "ክልተ ካብ ሚእቲ ድራር ተጋደልቲ: ስንቂ ደቂ ስውኣት ወዘተ...እናተባህለ ዝውህለል ገንዘብ ቍሊሕ ዘይምባልኩም: ብዝያዳ ኣመስግነኩም። እቲ ካብ ኩሉ ዘሕጕሰኒ ድማ: ኣብዘን ኩለን ዝሓለፉ ዓመታት: ካብ ስሩዓተይ ክልተ ኣባላት ኣስዲዕኩም ክትጥርኑፉ ዘይምኽኣልኩም ኣዝዩ የሕጕሰኒ። ብዛዕባ'ቲ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ: ካባኹም ካብ መራሕትን: ካብ ስርዓትኩምን ካብ ኣንስትኹምን ኣንስቲ ስሩዓትኩምን: ዝረኽቦ ዘሎኹ ኣታዊ'ውን ውሑድ ስለዘይኮነ የቐንየለይ። ግቡኤን ኣማሊኤን ዓመት ዓመት ንኤርትራ ክመጻ ክርኢ ከሎኹ

ሕጉስ'የ። የቐንየለይ እዚ'ውን ዓቢ ረዲኤት'ዩ። ባጤራ ወጻኢ እንተድኣ ኣዋህሊልኩም ኣሊኹም'ውን፡ ጥራይ ክልተ ካብ ሚእቲ ክፈሉ'ምበር፡ ከምድላይኩም ካብ ቶሮንቶ መጺእኩም ኣብ ደርዓንትቶ፡ ካብ ስቶኮሎም መጺእኩም'ውን ዋላ ኣብ ዓደኮሎም መሬትን ገዛውትን ክትዕድጉ ይፍቀደልኩም'ዩ። "ኣኼባታት መንግስቲ ኤርትራ፡ ብኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ኤርትራውያን'ዩ ዝዕንገል"፡ ኣናበልኩም ንኸተምስሉ ኢልኩም እትዛረቡዎ እንተኾነ'ውን ኣይተጋጌኹምን። ከም'ቲ ቅድም ኢለ ዝገለጽኩዎ፡ ብኹሉኹም'የ ዝዕንገል ዘሎኹ'ሞ፡ ኣብዚ'ውን ደጊመ ብጻያዊ ምስጋናይ ኣቕርበልኩም። ከም መሳርሕተይ መጠን፡ ክሕብረኩም ዝደልዮ ሓደ ኣገዳሲ ቍምነገር ኣሎ። ንሱ ድማ ንመንእሰያት ኤርትራውያን ዘርኢ ጕዳይ እዩ። ንኽትሕጐሱ መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ፍኒሕ-ኒሕ ከምዘይብሉ ገኸረው ኣቢለ ሒዘዮም ኣሎኹ። ነቲ ምዓልትን ለይትን ዝትምነይዎ መሰረታዊ ለውጢ ዝብሃል፡ ክረኽቡዎ ስለዘይከኣሉ፡ ሃገር ሸኣል ኮይናቶም ራሕሪሖማ ሃጽ ኢሎም ይጠፍኡ ኣለው። ንዓይ ግን ቅጭጭ ኣይብለንን'ዩ። መኽንያቱ ድማ ንመግዛእተይ ክጽመሙ ኣብዘይክእልሉ እዋን፡ ኣንጻርጺሮም ናዕቢ ከምጻኡለይ ከምዝኽእሉ ስለዝተገንዘብኩ፡ ቀዲመዮም ገገፊፈ ንሳዋ እጓርቶም ኣሎኹ። ኮኮብሊሎም እንተድኣ ኣብ ከተማታት ተራእዮም ከኣ፡ ተተኣርዮም ንዊዓ'ዮም ክዳጐኑ። ኣብ ዊዓ ፈንጠርጠር ኣንተይሎም ከኣ፡ ከምታ ኣካለ-ስንኩላን ኣብ ማይሓባር ዝተረሸኑ ይርሸኑ። ግና ካብ ኣብ ሃገሮም ተረሺኖም፡ ሬሳኦም ኣብ ዓዲ ተሪፉ ንሰማዒ ዝገርሞ፡ ነፊጾም ኣብ ምድረበዳ ሱዳንን ሊብያን ሞይቶም። ብኣሞራ እንተተበልዑን፣ ኣብ ማእከለይን ቀይሕ ባሕሪ ጥሒሎም ድራር ዓሳታት እንተኾኑን፡ ረሳኦም ካብ ኤርትራ ስለዝርሓቐ፡ እቲ ህዝቢ ኣይሓምየንን'ዩ። እቶም ምድረበዳ ጥሒሶምን፡ ባሕሪ ሰጊሮምን፡ ኣባኻትኩም ብሂወቶም ዝበጽሑ ከኣ፡ እንተ ኣብ ትሕቲ ውድበይ፡ እንተስ ኣብ ትሕቲ ውድብኩም ተሰሪዖም፡ ምክትታሎም ናታትኩም ንጥፈታት ከድሊ'ዩ። እንተድኣ ዘንጊዕኩም ግና በላሕቲ ስለዝኾኑ፡ ቀልጢፎም ክጣራነፉ'ዮም። ኣማውታና ድሕርን ቅድምን እኳ ኣንተኾነ፡ መጀመርያ ግና ብኣኹም'ዮም ዝጅምሩ። ስለ'ዚ ኣይትተሃመሉ።

ነዚ ሓጋ'ዚ ዝኾነኩም ድማ፡ እቲ ብ1977 ዓ.ም. ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝተረኽበ ተርእዮ ምዝካር'ዩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ገሌኹም ኣባላት መሪሕነትን ካድራት ጀብሃን፡ ገሌኹም ከኣ ኣባላት መሪሕነትን ካድራትን ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኢኹም ኔርኩም። ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ለውጢ ዝደሊ ሓይሊ ክጠራነፍ ምስ ጀመረ፡ እቶም ሽዑ መራሕትን ካድረታት ጀብሃ ዝነበርኩም፡ ሎሚ ከኣ ኣባላት መሪሕነት ውድባት ዘሎኹም፡ ነዚ ሓይሊ'ዚ "ፋሉል" ዝብል ስም ኣጠሚቕኩም፡ ብብረት ምስ ዘበጥኩሞ፡ ኣባና ዑቕባ ሓቲቱ ሰሊሙ'ዩ። ኣብቲ ግዜት'ቲ መራሕትን ካድረታትን ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝነበርና ድማ፡ እታ ንዓኹም ዘስግኣትኩም ንዓና'ውን ተስግኣና ስለዝነበረት፡ ከይተሃመልና ትቕብል ኣቢልና፡ ኣብ ውሽጢ 3 ወርሓት ዓሊምና፡ ነታ ንስኹም ዝጀመርኩማ ቅንጸላ፡ ብምዕቡል ሜላ ኣብ ኵናት ባጽዕ ኰነ ኢልና ስለዝጠበስናዮም፡ ቀለብ ዓሳታት ባሕሪ ኮይኖም ሓቂቖም'ዮም። እቲ ነዚ ተረክቦ'ዚ ክዝክሮ ዘገድደኒ ከኣ፡ በቲ ነዊሕ እዋን ኣናሰራሕናሉ ዝመጻእና፡ ስዉር መደብ ዕዮና ስለንራኽብ፡ ንመንገዲ ጥፍኣት ተላፊና ምስራሕ፡ ሎሚ ከምዘይጀመርናዮ ንኸዘኻኽረኩም ኢለ'የ። ሎሚ ድማ ከምታ ኣብ ልዕሊ ፋሉል ዝፈጸምናያ፡ ነዞም መንእሰያት'ዚኣቶም ምስ ኣድብዮም ዘለው፡ ምኩራት ዲሞክራስያውያን ባእታታትን፡ ምንቅስቓሳትን ተዋሃሂዶም ከይጣራነፉሞ፡ ነታ ሓመድ-ድቤና ከየቃላጥፉዋ፡ ውቅያኖስ ሰጊሮም ኣባኹም በጺሖም ስለዘለው፡ ሓደራ ኣይትሕመቑ ተጻናጸንዎም። በቲ መርበብ ስለያኹም ገርኩም ጥራይ ዕገትዎም። ምስኣ ኣተሓሒዘ ከዘኻኽረኩም ዝደልያ ኣገዳሲት ነገር'ውን ኣላ። ኣዞም መንእሰያስ እዚኣቶም ኣብ ሱዳን ከለው ጥራይ እንተድኣ ተሃሚልናሎም፡ ተጣራኒፎም ከኸጅሁና ይኽእሉ'ዮም። እዛ ምጥርናፎም ኣንተድኣ ተጀሚራ ኵልና ጠፊኣና ማለት'ዩ። ብመጀመርያ ድማ ብኣኹም ከምዝጅምሩ ክትስሕቱዎ የብልኩምን። ስለ'ዚ ከየዘንግዑና ኩሉ ነገር ገዲፍኩም፡ ኣርሒቕም መታን ክጠፍኡ ኣብ'ቲ ቀጻሊ ስደቶም ወረቓቕቶም ኣሳላልጡሎም ኢኹም። ብወገንና ገንዘብ ኣናኣኽፈልናዮም ጸጺዒና ንሱዳን ምብጻሕ

ኣይንሓምኽን ኢና። ደቂ ሃብታማት እንተኮይኖም ድማ: ኣሽሓት ዶላራት ምስከፈሉና ካብ ማእከል ኣስመራ ብነፋሪት ኣስቂልና ኢና ነፋኑዎም። ብወገን ወያኔ'ውን ብጽቡቕ ተቐቢሎም: ቪዛታት እናወቐዑሎም ግርም'ዮም ዝተሓባበሩዎም ዘለው። ንስኹም'ውን ዋላ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣንተኾነ'ውን: ሓደራኹም ኣብ'ቲ ምስልላጥ ቪዛ ከይተዳናገዩ ከምዝፋነው ግበሩ።

ብዝተረፈ ሞትናን ሕየትናን ድሕሪትን ቅድሚትን ስለዝኾነ: ከምዛ ዘሎናያ ተላፊንና ክሳብ መወዳእታ ሓባራዊ መደብ-ዕዮና ተላፊና ነተግብር። ሓንቲ ክምሕጸነኩም ዝደልያ ግን: ምናልባት ኣነ "ተቓወምቲ ውድባት ዝብሃላ የሎዋን ኢለ: ፕሮፓጋንዳ ኣንተነፋሕኩ ሓቂ ከይመስለኩም። ነቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ: ልቡ ንኽደፍን ኢለ ዝገብሮ ስነኣእምራዊ ወፍሪ'ዩ። ንስኹም'ውን ከም'ዚ ኣነ ብዛዕባ ኣሜሪካ ንኽምስል ኢለ: ክጻረፉ ዝውዕል ዘሎኹ: ኣንታይ ግድኹም ብዛዕባይ "ዲክታቶርዩ" እናበልኩም ከምድላይኩም ጽሓፉን ተዛረቡን። ኣይትሰከፉ። ካብ ልብኹም ከምዘይኮነ ስለዝርድኣኒ: ጥይት ጥራይ ኣይትተኩሱለይ ኣምበር: ጸርፍስ ከምዘይለግበኒ እፈልጥ'የ። ንመን ኣሚንኩም ዲኹም ዓመት ዓመት ኣንስትኹም እናልኣኽኩም ቪላታት ትዕድጉ ዘሎኹም? ወይከኣ ኣይትፈልጡን ዲኹም: ሎሚ'ሞ ከኣ እቲ ህዝቢ ኣብ ቅድሚ ኣደባባይ እዩ: ዓው ኢሉ ኤህ! ኣናበለ ክራገመኒ ዝውዕል ዘሎ? ንዝኾነ ይኹን ግን: ኣብ ማእከልኩም ካብ ኣባላትኩም ቍጽሪ ፋክስይን *(Fax)* ኢሜይለይን ዘለዎም ወከልተይ ስለዘለው: ብእኦም ኣቢልኩም ንኽትራኽቡኒ ጸገም ስለዘየለ ቀላዓለም ኣይትግበሩ። ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ ግና: <u>ኣማውታና ድሕርን ቅድምን ከይከውን ነፍሲ-ወከፍና ኣይንተሃመል</u>።

*ካብ "ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ" ኢሰያስ ኣፈ-ወርቂ*
*ከተማ ብጽዕ ኤርትራ: 11 ሚያዝያ 2010 ዓ.ም.*